*ዕለት 25/03/2007 ዓ/ም /04/12/2014 ዓ/ፈ.*

*ቁፅሪ ማልኢ/174/2007*

ናብ ኩለን ጨናፍር ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

<u>ዋኒኑ፡- ክሳብ ሐዚ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ሪፖርት ምግባር ይምልከት</u>

- ሕሉፍ ጉዕዞ 3ተ ዓመት ገምጊምና ስትራተጂክ ትልሚ 5ተ ዓመት ብናይ ኩሉ ተሳትፎ ብምድላው ጉባኤ ብምክያድ ማሕበርና ኣጠናኺርና ኽንከይድ ኣብ ዉሽጥን ኣብ ወፃኢን ብዘለዉ ተወለድትን ኣባላትን ማሕበር ልምዓትን ኢሮብ ምንቅስቓስ እናተገበረ ምዃኑ ይፍለጥ፣ በዚ መሰረት፡-

1. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቤት ፅሕፈት መቐለ፡- ኣብ ዝሓለፉ 3ተ ዓመታት ዝተገበረ ምንቅስቓስን በዝሒ ኣባላትን፣ ኣታዊን ወፃኢን ናይቲ ጨንፈር ጠሚርኩም
2. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቤት ፅሕፈት ዓዲግራት፡- እቲ ኮሚቴ ካብ ዝጣየሽ ጀሚሩ ዝተገበረ ምንቅስቓስን፣ ኩነታት ኣታዊን ወፃኢን ናይቲ ጨንፈር፣ ከምኡ'ዉን ኣባላት እንተሃሊዮምኹም በዝሖምን፣ እዋን መረፃ'ዉን ስለዝሓለፈ ሒሳብኩም ብዉሽጢ ኦዲተራት ኣመርሚርኩም ብህፁፅ ኣባላትን ተወለድትን ኢሮብ ፀዊዕኹም ፀብፃብ ብምቕራብ ሓድሽ መረፃ ኣካይድኩምን ኣባላት መዝጊብኩምን
3. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቤት ፅሕፈት ኣዲስ ኣበባ ብተመሳሳሊ እቲ ኮሚቴ ካብ ዝጣየሽ ዝተገበሩ ምንቅስቓሳትን ኩነታት ሒሳብኩምን በዝሒ ኣባላትኩምን ከምኡ'ዉን እዋን መረፃ ስለዝሓለፈ ሒሳብኩም ብዉሽጢ ኦዲተራት ኣመርሚርኩም ኣባላትን ተወለድትን ብምፅዋዕ ሪፖርት ብምግባር ሓድሽ መረፃ ኣካይድኩምን ሓደሽቲ ኣባላት መዝጊብኩምን
4. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቤት ፅሕፈት ኢሮብ፡- እቲ ኮሚቴ ካብ ዝጣየሽ ዝተገበረ ምንቅስቓስን ኩነታት ሒሳብኩምን በዝሒ ኣባላትን ከምኡ'ዉን ሓደሽቲ ኣባላት ብምምዝጋብ
5. ማሕበር ልማዓት ኢሮብ ጨንፈር ዲያስፖራ፡- ዘሕብን ስራሕቲ ትሰርሑ ብምህላውኩም ዘለና ሉዑል ናእዳ እናገለፅና ክሳብ ሐዚ ዝተገበረ ምንቅስቓስን በዝሒ ኣባላትኩምን ኩነታት ኣታዊኹም ብዝምልከት፣ ኩለን ጨናፍር ክሳብ ታሕሳስ 15/2007ዓ.ም /ታሕሳስ 24/2014 ዓ.ፈ./ ስራሕትኹም ጠሚርኩም ንቦርድ ዳይሬክተር ሪፖርት ክትገብሩ ብጥብቂ ነተሓሳስብ።

- ብፍላይ ሓላፍነት ሒዝኩም ምንም ዓይነት ምንቅስቓስ ብዘይምግባር ዝወሃበኩም መምርሒ ዕሽሽ ብምባል ማሕበርና ክዳኸም እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ፅቡቕ ምንቅስቓስን ሓድነትን ክቅህምን ህዝብና ብዘይ ዉዳበ ተሪፉ ክብተን ትገብሩ ምህላውኩም ፈሊጥኩም ካብ ዝሓለፈ ጌጋ ብምእራም ሓላፍነትኩም ብተኣማንነትን ብቕንዕናን በቲ ልሙድ ናይ ኢሮበታይ ሓቦ ክትፍፅሙ ካብ ዝሓለፈ ጌጋ ኩላትና ተኣሪምና ማሕበርና ክነጠናኽር ደጊምና ንፅዉዕ።

ምስ ሰላምታ

ሓጎስ ፀጋይ

ቦርድ ዳይሬክተር

<u>ቅዳሕ</u>

- ንፀሓፊ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ
    - <u>መቐለ</u>

*ዕለት* 25/3/2007

*ቁፅሪ* ህ4ል/175/2007

*ናብ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ፕሮግራማት ትምህርትን ስኮላርሽፕን*

*(IDA-Educational Support and Scholarship Program)*

*ዓዲግራት*

***ዋኒኑ፡- ናይ 2006 ዓ/ም ከዋኽብቲ መንግስታዊ ዩንቨርስቲ ተምሃሮ ኢሮብ ሽልማት ምሃብ ይምልከት***

ካብ 2004 ዓ/ም ጀሚሩ ካብ 5-12 ኣብ ወረዳ ኢሮብ ዝማሃሩ 60 ከዋኽብቲ ተምሃሮ ከምኡ'ዉን 15 መንግስታዊ ዩንቨርስቲ ተምሃሮ ኢሮብ እናሸለምና ከምዝመፃእና ዝፍለጥ ኮይኑ ሐዚ'ዉን ናይ 2006 ዓ.ም 15 ከዋኽብቲ ተምሃሮ ዩንቨርስቲ ሽም ዝርዝርን፣ ዝማሃሩሉ ዩንቨርስትን ዝረኸብዎ ነጥብን ናይ ባንኪ ሒሳብ ቁፅሮምን ዝርዝር ምስዚ ደብዳቤ ኣተሓሒዝና ንልእኽ ስለዘለና ከምቲ ልሙድ ብጠቕላላ ብር 54,000.00 (ሓምሳን ኣርባዕተን ሺሕ ብር) ወፃኢ ተገይሩ ንሕድሕድ ተምሃራይ ብር 3,600.00 (ሰለስተ ሽሕን ሽድሽተ ሚእትን ብር) ኣብ ናይ ሕድሕድ ቁጠባ ሒሳብ ኣታዊ ክግበረሎም ነተሓሳስብ።

*ምስ ሰላምታ*

*ሓጎስ ፀጋይ*

*ቦርድ ዳይርክተር*

**ቅዳሕ**

- ንፃሓፊ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ
- ንኩለን ቤት ፅሕፈታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ
- ንኩሎም ኣባላት ፕሮግራም ትምህርትን ስኮላርሽፕን

ዕለት 25/03/2007 ዓ/ም
ዕለት 04/12/2014 ዓ.ፈ

## ናይ 2006 ዓ/ም ብሉፃት ተምሃሮ ዩንቨርስቲ ኢሮብ
## ተሸለምቲ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

| ተ/ቁ | ሙሉእ ስም | ጣብያ | ፆታ | ዝረኸቦ/በቶ ነጥቢ | ዓመት | ዝማሃሮ ዓይነት ት/ቲ | ዝማሃረሉ ዩንቨርስቲ | ቁፅሪ ስልኪ | ባንኪ ሒሳብ ቁፅሪ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ኒያት ሓጎስ ፀጋይ | እዳልጌዳ | ኣን | 4.00 | 1ይ | ኮምፒዩተር ኢንጂነሪንግ | መቐለ | 0935280282 | 1000082994207 |
| 2 | ጋይም ዮሃንስ ረዳኢም | ኣሪሰ | ተባ | 3.92 | 2ይ | ኦፕቶመትሪ | ጎንደር | 0914522403 | 1000066237258 |
| 3 | ማሓሪ ተስፋይ ካሕሳይ | እዳልጌዳ | ተባ | 3.86 | 1ይ | ኮስትራክሽን | ኣኽሱም | 0923493823 | 1000093733626 |
| 4 | ጋይም ሓየሎም ሓጎስ | ዓሲቴና | ተባ | 3.79 | 2ይ | ፋርማሲ | ጎንደር | 0932203725 | 1000068018057 |
| 5 | ኣንገሶም ሒጎዓድዑማር | እዳልጌዳ | ተባ | 3.78 | 2ይ | ሄዝስ ኦፊሰር | ሰመራ | 0927772492 | 1000066485793 |
| 6 | ዮናስ ሞገስ ስገሰ | ዓሲቴና | ተባ | 3.77 | 2ይ | ሄልዝ ሳይንስ | መቐለ | 0920873385 | 1000066526527 |
| 7 | ኣስፍሃ ኣስማ ብስራት | ወርዓትሴ | ተባ | 3.74 | 2ይ | ኣኒማል ሳይንስ | ሰመራ | 0925419473 | 1000066139089 |
| 8 | ጥዑም ገብረ ኣብርሃ | እዳሞሳ | ተባ | 3.67 | 2ይ | ስታቲስቲክስ | ዓዲግራት | 0933075927 | 1000066508092 |
| 9 | ሕሉፍ ኣብርሃ ወልዱ | ዓሲቴና | ተባ | 3.66 | 4ይ | ኮምፒዩተር ኢንጂነሪንግ | መቐለ | 0914428657 | 501/765 ወጋገን ባንክ |
| 10 | ቴድሮስ ሓጎስ ገብሩይ | ዓሲቴና | ተባ | 3.63 | 4ይ | ኮምፒዩተር ኢንጂነሪንግ | መቐለ | 0921563099 | 1000071177967 |
| | **ደቂ ኣንስትዮ** | | | | | | | | |
| 1 | ኒያት ሓጎስ ፀጋይ | እዳልጌዳ | ኣን | 4.00 | 1ይ | ኮምፒዩተር ኢንጂነሪንግ | መቐለ | 0935280282 | 1000082994207 |
| 2 | ሩሀዋ ሃይሉ ሓጎስ | ወርዓትስ | ኣን | 3.35 | 2ይ | ማናጅመንት | ዓዲግራት | 0914837443 | 1000066496523 |
| 3 | ሩሀዋ ግርማይ ካሕሳይ | ዓገረስኹማ | ኣን | 3.27 | 1ይ | ናቹራል ሪሶርስ | ዓዲግራት | 0927748588 | 1000100635368 |
| 4 | ደስታ ንጉስ ሓጎስ | ኣሪሰ | ኣን | 2.99 | 2ይ | ኮምፒዩተር ሳይንስ | ወሎ | 0914828771 | 1000066445287 |
| 5 | ፀጋ ሓጎስ ግደይ | ዓሲቴና | ኣን | 2.98 | 2ይ | ኮምፒዩተር ሳይንስ | ኣኽሱም | 0914824285 | 1000094343678 |